ነዚ ኣይትምላእ:: እዚ መመልከቲ ኣይኮነን::

Health Insurance Marketplace

09/2016

# ናይ ጥዕና ሽፈነ ማመልከቻን ወጻኢታት ዝሽፍን ሓገዝን

➡ ንስሉጥነት ኦንላይን ኣብ **HealthCare.gov**ኣመልከቱ::

Form Approved
OMB No. 0938-1213

## ነየናይ ዓይነት ሽፈነ ብቑዓት ምዃንኩም ንምፍላጥ ነዚ ማመልከቻ ተጠቀሙ

- ምስ ዓቕምኹም ዝሳነ ናይ ግሊ ኢንሹራንስ ጥዕና መጠነ-ሰፊሕ ሽፈነ ብምሃብ ጥዕናኹም ንኽሕሎ ይሕግዝ::
- ናይ ጥዕና ሽፈነ ወርሓዊ ክፍሊት (ፕረሚየም) ብቐጥታ ንምኽፋል ዝሕግዝ ሓድሽ ናይ ተመላሲ ግብሪ ልቓሕ (tax credit)::
- ብሜዲኬይድ (Medicaid) ወይድማ ብናይ ህጻናት ኢንሹራንስ ጥዕና ፕሮግራም [Children's Health Insurance Program (CHIP)] ነጻ ወይ ትሑት ዝኽፍሊቱ ሽፈነ::

**ዋላ'ኳ ኣብ ዓመት ክሳብ $97,200 እቶት እንተረኽብኩም (4 ኣባላት ዘለዋ ስድራ)፣ ናጻ ወይድማ ትሑት ዝኽፍሊቱ ፕሮግራም ንምርካብ ብቑዓት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም::**

## ነዚ ማመልከቻ መን ክጥቀመሉ ይኽእል?

- ካብ ኣባላት ስድራቤትኩም ንዝኾነ ደብ ንምምልካት ነዚ ማመለከቻ ተጠቀሙ::
- **ዋላ'ኳ ንስኹም ወይ ውላድኩም ኣቐዲሙ ናይጥዕና ሽፈነ እንተሃለወኩም ኣመልክቱ:: ትሕሀት ዝኽፍሊቱ ወይ ናጻ ሽፈነ ንምርካብ ብቑዓት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም::**
- ሓዳር እንተዘይብልኩም፣ ሓጺር ቅጥዒ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ትኾኑ:: መርበብ ሓበሬታ [HealthCare.gov](https://www.HealthCare.gov)ተወከሱ::
- ስደተኛታት ዝሓቑፉ ስድራቤታት ከመልክታ ይኽእላ እየን:: ዋላ ንስኹም ከተመልክቱ ብቑዕ እንተዘይኮንኩም፣ ንውላድኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ:: ምምልካት ንናይ ስደት ኩነታትኩም ወይድማ ቀዋሚ ነባሪ ወይ ዜጋ ናይ ምዃን ዕድላትኩም ዝጸሉ ኣይኮነን::
- ነዚ ማመልከቻ ዝኾነ ኣብ ምምላእ ዝኾነ ሰብ እንተድኣሓጊዝኩም፣ ተወሳኺ ሓበሬታ C ምምላእ ከድልየኩም ይኽእል::

## ምምልካት ዘድለየኩም

- ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ቁጽሪ (ወይድማ ናይ ሰነድ ቁጽርታት ንዝኾኑ ሽፈነ ዘድልዮም ብቑዓት ስደተኛታት)::
- ናይ ነፍሲወከፍ ኣባላት ስድራቤትኩም ናይ ኣስራሕን እቶትን ዝምልከት ሓበሬታ (ንኣብነት፣ ናይ ደሞዝ መኽፈሊ ሰነድ (ፐይስታብ)፣ ቅጥዕታት)::
- ሕጂ ናይ ዘለኩም ኢንሹራንስ ጥዕና ቁጽርታት ፖሊሲ::
- ስድራቤትኩም ዘለዋ ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰረ ዝኾነ ኢንሹራንስ ጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ::

## ነዚ ሓበሬታ ንሓተሉ ዘለና ምኽንያት እንታይ እዩ?

ነየናይ ሽፈነ ብቑዓት ምዃንኩምን ንምኽፋል ዘኽእለኩም ዝኾነ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ እንተኾንኩም መታን ክንሕብረኩም ብዛዕባ እቶትኩምን ካልእ ሓበሬታን ንሓትት:: **ብመሰረት ሕጊ ድማ ንእትህቡና ኩሎም ሓበሬታታት ሚስጥራውነትን ውሕስነትን ንዕቅብ::** ናይ ሚስጥራውነት ሕጊ ሓበሬታ ንምርኣይ፣ መርበብ ሓበሬታ [HealthCare.gov](https://www.HealthCare.gov) ተወከሱ ወይድማ መምርሒታት ተመልከቱ::

## ዝስዕብ ስጉምቲ እንታይ እዩ?

ዝተማልአን ዝተፈረመን ማመልከቻኹም ኣብ ገጽ 7 ቀሪቡ ናብ ዘሎ ኣድራሻ ልኣኽዎ:: **ንደልዮም ሓበሬታታት ኩሎም ዋላ ኣይሃልኹም፣ ማመልከቻኹም ፈሪምኩም ኣረክቡ::** ኣብ ውሽጢ 1-2 ሳምንታት ደሃይ ክንገብረልኩም ኢና፣ ከምኡውን **ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊና ካብ ቦታ ዕዳጋ ስልኪ ክድወለኩም ይኽእል እዩ::** ማመልከቻኹም ምስተራእየ ንብቑዕነትኩም ዝምልከት ውሳነ ዝሓዘ ደብዳቤ ብፖስታ ክለኣኸልኩም እዩ:: ካባና መልሲ እንተዘይረኺ|ብኩም፣ ንናይ ዕዳጋ ቦታ ማእከል መራኸቢታት ኣዘራርብዎም:: ነዚ ማመልከቻ መሊእኩም ማለት ናይ ጥዕና ሽፈነ ክትዕድጉ ኣለኩም ማለት ኣይኮነን

## ነዚ ማመልከቻ ንምምላእ ሓገዝ ርኸቡ

- **ኦንላይን:-** [HealthCare.gov](https://www.HealthCare.gov)
- **ስልኪ:-** ናብ ማእከል ርክባት ብ**1-800-318-2596** ደውሉ:: ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘለዎም (TTY) ናብ **1-855-889-4325** ክድውሉ ኣለዎም::
- **ብኣካል:-** ኣብ ከባቢኹም ክሕግዙ ዝኽእሉ ኣማኸርቲ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም:: ንዝያዳ ሓበሬታ [HealthCare.gov](https://www.HealthCare.gov) ተወከሱ፣ ወይድማ ናይ ዕዳጋ ቦታ ማእከል ርክባት ብ**1-800-318-2596** ደዊልኩም ኣዘራርቡ::
- **ካልኦት ቋንቋታት:-** ካብ ቋንቋ ኢንግሊዝ ወጻኢ ብካልእ ቋንቋ ሓገዝ እንተደሊኹም፣ ብ **1-800-318-2596** ደዊልኩም ነቲ ናይ ዓሚል ኣገልግሎት ወኪል ትዛረብዎ ቋንቋ ሓብሩ:: ብናጻ ሓገዝ ከምትረኽቡ ክንገብር ኢና::

ኣብዚ ፍርያት ዘሎ ሓበሬታ ብዝተፈላለየ ኣማራጺ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። ብተወሳኺ ኣድልዎ ተፈጺሙኒ ዝብል ስምዒት እንተሃልዩካ ጥርዓን ከተእቱ መሰል ኣለካ። [www.cms.gov/about-cms/agency-Information/aboutwebsite/cmsnondiscriminationnotice.html](https://www.cms.gov/about-cms/agency-Information/aboutwebsite/cmsnondiscriminationnotice.html), ተወከስ፣ ወይድማ ናብቲ ናይ ዕዳጋ ማእከል ተሌፎን ብቑጽሪ ተሌፎን **1-800-318-2596** ደዊልካ ዝያዳ ሓበሬታ ርኸብ። ምስማዕ ዝተጸገሙ በዚ **1-855-889-4325** ክጥቀሙ ኣለዎም።

**ፒኣርኤ ዲስክሎዠር ስቴትመንት:-** ብመሰረት ናይ 1995 ሕጊ ፔፐር ወርክ ሪዳክሽን (Paperwork Reduction Act) ፣ ቅቡል ናይ OMB መወከሲ ቁጽሪ ክሳብ ዘይቀረበ ግዜ ዝኾነ ይኹን ሰብ ንእኩብ ሓበሬታ ምላሽ ክህብ ኣይግደድን እዩ፡ ፡ ናይዚ ምእካብ ሓበሬታ ቅቡል ናይ OMB መወከሲ ቁጽሪ 0938-1191 እዩ:: ነዚ ምእካብ ሓበሬታ ንምውዳእ ዘድሊ ግዜ፣ መምርሒታት ንምግምጋምን ህሉው ናይ ዳታ ጸጋታት ንምፍታሽን፣ ዘድሊ ዳታ ንምእካብን፣ ከምኡውን ነቲ ምእካብ ሓበሬታ ምግምጋምን ምጽፋፍን ዝጥእፍእ ግዜ ሓዊስካ፣ ንነፍሲ ወከፍ ምላሽ 45 ደቒቃ ኣቢሉ ይግመት:: ብዛዕባ ናይ ግዜ ግምታት ርጉጽነት ብዝምልከት ወይድማ ነዚ ቅጺ ንምምሕያሽ ዝጠቕሙ ርእይቶታት እንተሊይኩም፣ ብኽብረትኩም ናብ:- CMS, 7500 Security Boulevard, Attn: PRA Reports Clearance Officer, Mail Stop C4-26-05, Baltimore, Maryland 21244-1850 ጺሒፍኩም ስደድዎ::

**ብኽብረትካ ጸሊም ወይከኣ ጸሊም ሰማያዊ ቀለም ተጠቂምካ ብዓብዪ ፊደል ሓትም እቶም ክብታት ( ◯ ) ከምዚ ጌርካ ኣጸልሞም → ●.**

## ቅደም ሰዓብ 1: ንገዛ ርእስኻ ኣላልየና።

(ምስዚ ማመልከቻኹም ብዝተኣሳሰረ ክንራኽቦ እንኽእል ሓደ በጽሒ ኣባል ስድራቤትኩም የድልየና እዩ።)

1. ስም | ስም ኣቦ | ስም ኣቦሓጎ | ተወሳኺ መዓርግ

2. ናይ ገዛ ኣድራሻ (ዘይብልካ እንተኾይኑ ከይመላእካ ግደፎ።)

3. ናይ ገዛ ኣድራሻ (ዘይብልካ እንተኾይኑ ከይመላእካ ግደፎ።)

4. ከተማ

5. ግዝኣት/ስቴት

6. ዚፕ ኮድ

7. ከባቢያዊ ምምሕዳር፣ ገጠር፣ ወይ ሓውሲ ከተማ

8. ናይ ፖስታ ኣድራሻ (ካብ ናይ ገዛ ኣድራሻ ዝተፈልየ እንተኾይኑ)

9. ቁጽሪ ኣፓርትመንት ወይድማ ቦታ ስራሕ

10. ከተማ

11. ክፍለ ግዝኣት

12. ዚፕ ኮድ

13. ከባቢያዊ ምምሕዳር፣ ገጠር፣ ወይ ሓውሲ ከተማ

14. ቁጽሪ ናይ ቀትሪ ተሌፎን ( ) -

15. ቁጽሪ ናይ ምሸት ተሌፎን ( ) -

16. ነዚ ማመልከቻ ዝምልከት ሓበሬታ ብኢሜይል ክትረክብ ትደሊ ዲኻ? ............ ◯ እወ ◯ ኣይፋል

ናይ ኢሜይል ኣድራሻ፡-

17. ንዘረባ እትመርጾ ቋንቋ ኣየናይ እዩ? ንጽሕፈት እትመርጾ ቋንቋ ኣየናይ እዩ?

## ቅደምሰዓብ 2: ስድራቤትካ ኣላልየና።

### ኣብዚ ማልከቻ ክጽምበር ዝድለ ሰብ መን እዩ?

ንኹሎም ሽፋን ጥዕና ዘለዎምን ዘይብሎምን ኣባላት ስድራቤትካ ቅደምሰዓብ 2 ምልኣሎም። በዚ ማመልከቻ ኣቢልና እንረኽቦ ሓበሬታ ሕድሕድ ሰብ ክረኽቦ ዝግበኦ ብሉጽ ሽፋን ይረክብ ምህላዉ ከነረጋግጽ ይሕግዘና። እትረኽቦ መጠን ሓገዝን ዝምልከተካ ፕሮግራምን ብመሰረት ቁጽሪ ኣባላት ስድራቤትካን ኣታዊኦምን እዩ ዝውሰን። ዋላ ኣቐዲሙ ሽፋን ጥዕና ዝረክብ ሰብ ይኹን ብዘየገድስ፣ ክትጽምብሮ እንተዘይክኢልካ እቶም ረብሓታት ናይ ምርካብ መሰልካ ብኣሉታ ክጽሎ ይኽእል እዩ።

#### ሽፋን ንዘድልዮም መንእሰያት፡-

እዞም ሰባት ሽፋን ንምርካብ ባዕላቶም ዋላ እንተዘይኣመልኪቶም ንስኻ ኣብቲ ማመልከቻኻ ኣእትዎም፡-

- ገለ መጻምዲ/ድቲ
- ገለ ንደቂደቅኻ ሓዊሱ ምሳኻ ዝነብሩ ትሕቲ 21 ዝዕድሜኡ ወዲ ወይከኣ ጓል
- ገለ ካልእ ኣብ ተመሳሳሊ ናይ ፌደራል ተመላሲ ኣታዊ ግብሪ ዘሎ ሰብ (እዚ ኣካል ናይቲ ወለዲ ዘቕረብዎ ሕቶ ተመላሲ ግብሪ ዝኾኑ ልዕሊ 21 ዝዕድሚኦም ሰባት እውን የጠቓልል)። ሽፋን ጥዕና ንምርካብ ጥርዓን ግብሪ ምእታው ኣየድልየካን።

#### ሽፋን ንዘድልዮም ትሕቲ 21 ዝዕድሜኦም ቆልዑት፡-

እዞም ሰባት ሽፋን ንምርካብ ባዕላቶም ዋላ እንተዘይኣመልኪቶም ንስኻ ኣብቲ ማመልከቻኻ ኣእትዎም፡-

- ገለ ምሳኻ ዝነብሩ ወለዲ (ወይከኣ ሰበይቲ ኣቦ/ሰብኣይ ኣደ)
- ገለ ምሳኻ ዝነብሩ ኣሕዋት
- ገለ ምሳኻ ዝነብር ወዲ ወይ ጓል፣ ከምኡ'ድማ ደቂ ሰበይትኻ/ደቂ ሰብኣይኪ
- ገለ ካልእ ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ናይ ፌደራል ተመላሲ ግብሪ ኣታዊ ዝርከብ ሰብ። ሽፋን ጥዕና ንምርካብ ጥርዓን ግብሪ ምእታው ኣየድልየካን።

### ንሕድሕድ ኣባል ስድራኻ ቅደም ሰዓብ 2 ምላእ።

ብገዛርእስኻ ጀምር፣ ካብኡ ናብ ካልኦት መንእሰያትን ህጻናት እቶ። ኣብ ስድራቤትካ ልዕሊ 2 ሰባት እንተሃልዮምኻ፣ ቅዳሕ ናይዚ ገጽ ኣተሓሒዝካ ከተቕርብ ኣለካ።

ሽፋን ጥዕና ንዘየድልዮም ኣባላት ስድራቤት ናይ ኩነታት ስደት ወይከኣ ማሕበራዊ ውሕስነት (SSN) ቁጽሪ ምቕራብ ኣየድልየካን። ኩሉ እትቕርበልና ሓበሬታ ብመሰረት ሕጊ ብምስጢር ክንሕዞ ኢና። ንውልቃዊ መንነትካ ዝምልከት ሓበሬታ ሽፋን ጥዕና ክትረክብ ዝግበኣካ እንተኾይኑ ንምጽራይ ጥራይ ኢና እንጥቀመሉ።

## ቅደም ሰዓብ 2: ሰብ ቁ. 1 (ብገዛ ርእሰኻ ጀምር።)

ቅደም ሰዓብ 2 ንባዕልኻ፣ በዓልቲቤትካ/መጻምድትኻ፣ ምሳኻ ዝነብሩ ህጻናትን/ወይከኣ ምሳኻማዕረ ናይ ፌደራል ግብሪ ኣታዊ ተመላሲ ዘለዎ ሰብ ምላእ። መን ክትጽምብር ከምዘለካ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ገጽ 1 ተመልከት። ተመላሲ ግብሪ ዘይሓተትካ እንተኾንካ ኩሎም ምሳኻ ዝነብሩ ኣባላት ስድራቤትካ ካብ ምጽምባር ንድሕሪት ከይትብል።

1. ስም | ስም ኣቦ | ስም ኣቦሓጎ | ተወሳኺ መዓርግ

2. ምስ ሰብ ቁ. 1 ዘሎ ርክብ? ገዛርእሰኻ

3. በዓል ሓዳር ዲኻ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

4. ዝተወለድካሉ ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) ___/___/___

5. ጾታ ◯ ተባዕታይ ◯ ኣንስታይ

6. ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት (SSN) ___-___-___

★ **ናይ ጥዕና መድሕን እንተደሊኹም ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት (SSN) የድልየኩም። ወይ ናይ SSN ቁጽሪ ክህልወኩም ኣለዎ ወይድማ ከምዚ ዓይነት ቁጽሪ ንምርካብ ከተመልከቱ ኣለኩም።** ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ቁጽሪኹም እቶትኩምን ካልእ ሓበሬታን ብምጽራይ ናይ ጥዕና መድሕን/ኢንሹራንስ ንምኽፋል ዝውዕል ሓገዝ መን ክረክብ ይኽል ንምፍላጥ ንጥቀመሉ። ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ቁጽሪ ንምርካብ ሓገዝ እንተደሊኹም፣ **socialsecurity.gov** ተወከሱ ወይድማ ናብ ቤት ጽ/ት Social Security ብ 1-800-772-1213 ደውሉ። ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም (TTY) ተገልገልቲ ብ 1-800-325-0778 ይደውሉ። .

7. **ኣብቲ ዝመጽእ ዓመት ናይ ፌደራል ኣታዊ ግብሪ ተመላሲ ንምርካብ ከተመልክት መደብ ኣለካዶ?** ናይ ፌደራል ተመላሲ ግብሪ ኣታዊ ኣመልኪትካ ጥርዓን ዋላ እንተዘይኣእተኻ ሽፋን ንምርካብ ማመልከቻ ናይ ምእታው መሰል ኣለካ።

◯ እወ፣ መልስኻ እወ እንተኾይኑ ብኽብረትካ ካብ a-c ዘለዉ ሕቶታት መልስ። ◯ ኣይፋል፣ መልስኻ ኣይፋል እንተኾይኑ፣ናብ ሕቶ c ስገር።

a. ጥርዓንካ ምስ በዓቲቤትካ ብሓባር ዲኻ ተእትዎ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ስም በዓልቲቤትካ ጸሓፍ:-

b. ግብሪ ከምለሰልካ ኣብ ዘእተኻዮ ጥርዓን እትጽምብሮም ገለ ተጠወርቲ ኣለዉኻዶ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ስም ተጠወርቲ ዘርዝር:-

c. ካልእ ሰብ ኣብ ዘቕርቦ ናይ ተመላሲ ግብሪ ጥርዓን ከም ተጠዋሪ ክትጽምበር ዲኻ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ብኽብረትካ ናይቲ ጥርዓን ግብሪ ዘእቱ ሰብ ስም ጥቐስ:- | ምስቲ ጥርዓን ዘእተወ ሰብ ዘለካ ርክብ እንታይ ይመስል?

8. ጥንስቲ ዲኺ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል a. **መልስኺ እወ እንተኾይኑ፣** ክንደይ ቆልዑ ክትወልዲ ትጽቢት ይግበር?

9. **ሽፋን ጥዕና የድልየኪ ድዩ?** ኣቐዲምኪ ሽፋን ዝረኸብኪ ዋላ እንተኾንኪ፣ ካብኡ ዝበልጽ ሽፋን እትረኽብሉ ወይከኣ ትሑት ወጻኢታት ዝሓትት ሽፋን ዘለዎ ፕሮግራም ክህሉ ይኽእል እዩ።

◯ **እወ። መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ኩሎም እዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ሕቶታት መልስ። ⬇ ◯ **ኣይፋል። መልስኻ ኣይፋል እንተኾይኑ፣** ናብቶም ኣብ ገጽ 3 ዘለዉ ናይ ኣታዊ ሕቶታት ስገር። ካልእ ክፋል ናይዚ ገጽ ናጻ ግደፎ። ➡

10. (ከም ሰውነትካ ምሕጻብ፣ ክዳን ምኽዳን፣ ዕለታዊ ስራሕቲ፣ ወዘተ) ዝኣመሰሉ ተግባራት ብግቡእ ከይትፍጽም ዝዓግተካ ኣካላዊ፣ ስነኣእምሮኣዊ ወይከኣ ስምዒታዊ ጸገም ጥዕና ኣለካ ድዩ፣ ወይድማ ኣብ ሕክምና ወይ ናይ ነርሲንግ ኣገልግሎት እትረኽበሉ ገዛ (መእለዪ) ዲኻ ትነብር? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

11. ናይ ኣሜሪካ ዜጋ ዲኻ፣ ወይ ናይ ኣሜሪካ ዜግነት ኣለካ ዲዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

12. ካብ ወለድኻ ዝወረስካዮ ዜግነት ድዩ ዋላስ ብሕጊ ዝተውሃበካ ዜግነት እዩ ዘለካ? (ክልቲኦም ዓይነት ዜግነታት ካብ ኣሜሪካ ወጻኢ ንዝተወለደ ሰብ ዝወሃቡ እዮም)

◯ **እወ። መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** a ን b ን ምላእ። ◯ **ኣይፋል። መልስኻ ኖኖ እንተኾይኑ፣** ናብ ሕቶ 13 ስገር።.

a. ናይ ወጻእተኛ መለለዪ (ኤልየን) ቁጽሪ:-

b. ቁጽሪ ሰርትፊኬት:-

a ን b ን ምስ መላእካ ናብ ሕቶ 14 ስገር።

13. ናይ ኣሜሪካ ዜጋ እንተዘይኮንካ ወይከኣ ኣሜሪካዊ እንተዘይኮንካ፣ ሕጋዊ ናይ ስደተኛ ፍቓድ ኣለካዶ? ◯ **እወ።** ዓይነት ሰነድካን ID ቁጽርኻን ኣእትው። መምርሒታት ተመልከት።

ዓይነት ሰነድ ስደት | ዓይነት ኩነታት (ከም ኣማረጺ) | እቲ ኣብ ናይ ስደት ሰነድካ ሰፊሩ ዘሎ ስምካ ጸሓፍ።

ቁጽሪ ኤልየን ወይ I-94 | ቁጽሪ ካርድ ወይከኣ ቁጽሪ ፓስፖርት

SEVIS ID ወይከኣ ኣገልግሎት ዘብቅዓሉ ዕለት (ከም ኣማረጺ) | ካልእ (ኮድ መደብ ወይ ዝተውሃበሉ ሃገር)

a. ካብ 1996 ጀሚርካ ኣብ ኣሜሪካ ትነብር ጸኒሕካ ዶ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

b. ንስኻ ባዕልኻ፣ በዓልቲ ቤትካ፣ ወይ ወለድኻ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣሜሪካ ኮይንኩም ትፈልጡ ዲኹም ወይከኣ ሕጂ ኣባላት ዲኹም? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

14. ናይተን ዝሓለፉ 3 ኣዋርሕ ሕክምናዊ ወጻኢታት ንምኽፋል ሓገዝ የድልየካ ድዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

15. እንተውሓደ ሓደ ባዕልኻ እትኣልዮ ትሕቲ 19 ዝዕድሜኡ ቆልዓ ኣለካ ዲዩ? (እዚ ቆልዓ ባዕልኻ ወይ በዓልቲቤትካ እትኣልዮ እንተኾይና "እወ" ምረጽ።) ◯ እወ ◯ ኣይፋል

16. ምሳኻ ናይ ዝነብሩ ትሕቲ 19 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ስምን ምሳኻ ዘለዎም ዝምድናን ንገረና:-

17. ናይ ሙሉእ መዓልቲ ተመሃራይ ዲኻ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

18. ወዲ 18 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ከሎኻ ኣብ ትሕቲ ክትትል ትካል ሓብሓቢ ህጻናት ኣቲኻዶ ትፈልጥ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**ከም ኣማራጺ:-** (ኩሉ ይኸውን እዩ እትብሎ ምላእ።)

**19. ዓሌት:-** ◯ ጻዕዳ ◯ ጸሊም ወይከኣ ኣፍሪካዊ ኣሜሪካዊ ◯ ኣሜሪካዊ ህንዳዊ ወይከኣ ኣላስካዊ መበቆል ◯ ፊሊፒኖ ◯ ጃፓናዊ ◯ ኮርያዊ ◯ ኤዥያዊ ህንዳዊ ◯ ቻይናዊ ◯ ቬትናማዊ ◯ ካልእ ኤዥያዊ ◯ ሃዋያን መበቆሉ ◯ ግዋማኒያዊ ወይ ቻሞሮ ◯ ሳሞኣዊ ◯ ካልእ ፓሲፊክ ደሴታዊ ◯ ካልእ ____________

**ነዚ ኣይትምላእ። እዚ መመልከቲ ኣይኮነን።**



## ቅደምሰዓብ 2: ሰብ 1 (ንዛርእሰኻ ዝምልከት ሓበሬታ ምምላእ ቀጽል።)

### ሕጂ ንዘለካ ስራሕን ኣታዊኻን ዝምልከት ሓበሬታ

- ◯ **ቁጻር፡-** ኣብዚ ሕጂ እዋን ተቖጺርካ ትሰርሕ እንተሃሊኻ፣ ብዛዕባ ኣታዊኻ ሓበሬታ ሃበና። ብሕቶ 21 ጀምር።
- ◯ **ኣይተቖጸርካን:** ናብ ሕቶ 31 ስገር።
- ◯ **ናይ ባዕልኻ ስራሕ ኣለካ፦:** ናብ ሕቶ 30 ስገር።

### ሕጂ እትሰርሖ ስራሕ 1፦

21. ስም ኣስራሒ

a. ኣድራሻ ኣስራሒ

| b. ከተማ | c. ግዝኣት/ስቴት | d. ዚፕ ኮድ | 22. ቁጽሪ ተሌፎን ኣስራሒ |
|---|---|---|---|
| | | | ( ) - |

23. ደመወዝ/መቑሸሽ (ቅድሚ ግብሪ) $ ◯ ብሰዓት ◯ ብሰሙን ◯ በብ 2 ሰምንታት ◯ ኣብ ወርሒ ክልተ ግዜ ◯ ወርሓዊ ◯ ዓመታዊ

24. ኣብ ሕድሕድ ሰሙን ብማእከላይ ኣብ ስራሕ እተውዕሎም ሰዓታት

### ሕጂ እትሰርሖ ስራሕ 2፦ (ካልኦት ተወሰኽቲ ስራሓት እንተሃሊዮምኻም እትመልኣሉ ተወሳኺ ቦታ እንተድሊዩካ፣ ካልእ ወረቐት ኣላጊብካ ተጠቐም።)

25. ስም ኣስራሒ

a. ኣድራሻ ኣስራሒ

| b. ከተማ | c. ግዝኣት/ስቴት | d. ዚፕ ኮድ | 26. ቁጽሪ ተሌፎን ኣስራሒ |
|---|---|---|---|
| | | | ( ) - |

27. ደመወዝ/መቑሸሽ (ቅድሚ ግብሪ) $ ◯ ብሰዓት ◯ ብሰሙን ◯ በብ 2 ሰምንታት ◯ ኣብ ወርሒ ክልተ ግዜ ◯ ወርሓዊ ◯ ዓመታዊ

28. ኣብ ሕድሕድ ሰሙን ብማእከላይ ኣብ ስራሕ እተውዕሎም ሰዓታት

29. **ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት እዞም ዝስዕቡ ነገራት ፈጺምካ ዲኻ፦** ◯ ስራሕ ቀይርካ ◯ ስራሕ ኣቋሪጽካ ◯ ውሑድ ሰዓታት ክትሰርሕ ጀሚርካ ◯ ኩሎም ኣይምልከቱን

30. **ናይ ባዕልኻ ስራሕ እንተሃልዩካ፣ a ን b ን መልስ፦**

a. ዓይነት ስራሕ፦

b. ካብዚ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ኣብዚ ወርሒዚ ክንደይ ዝኣክል ዝተጻረየ (ስራሕ መካየዲ ወጻኢታትካ ሸፊንካ) መኽሰብ ትረክብ? መምርሒታት ተመልከት። $

31. **ኣብዚ ወርሒ ዝረኽብካዮ ካልእ ኣታዊ፦** ኩሉ ትኽክል ዝኾነ ሓበሬታ ማለት እትረኽቦ መጠንን ኣብ ክንደይ ግዜ ከምእትረኽቦን ምላእ። እትረኽቦ ነገር እንተዘይብልካ ኣብዚ ምላእ። ◯
**መተሓሳሰቢ፦** ካብ ሓገዝ ህጻናት፣ ጥሮታ ከምኡድማ ኣታዊ ተወሳኺ ውሑስነት (SSI) እትረኽቦም ኣታዊታት ክትነግረና ኣይንደልን።

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ◯ ሽቕለተ ኣልቦነት | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | | ◯ ዝተቐበልክዮ ኣሊመኒ | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | |
| ◯ ጥሮታ | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | | ◯ ዝተጻረየ ሕርሻ/ምህርቲ ዓሳ | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | |
| ◯ ማሕበራዊ ውሕስነት | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | | ◯ ዝተጻረየ ክራይ/ሮያልቲ | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | |
| ◯ ትሕጋግ | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | | ◯ ካልእ ኣታዊ ዓይነት: | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | |

32. **ዝተነከዩ፦** ትኽክል ዝኾነ ሓበሬታ ማለት እትረኽቦ መጠንን ኣብ ክንደይ ግዜ ከምእትኸፍሎን ምላእ። ካብ ተመላሲ ግብሪ ኣታዊ ፌደራል ክንክ ዝኽእል ገለ ዘውጻእካዮ ወጻኢ እንተሃልዩሞ ንዓና እንተነጊርካና ናይ ጥዕና ሽፋን ወጻኢ ቁሩብ ክንኪ ይገብር። **መተሓሳሰቢ፦** ንሓገዝ ህጻን እትኸፍሎ ወጻኢ፣ ወይከኣ እተጻረየ ናይ ባዕልኻ ስራሕ ኣብ ትሕቲ ዝብል ሕቶ (ሕቶ 30b) ዝመለስካዮ ወጻኢ ኣብዚ ከተእትዎ የብልካን።

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ◯ እተኸፍለ ኣሊመኒ | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | | ◯ ካልእ ንክይካይ ዓይነት: | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | |
| ◯ ወለድ ልቓሕ ተምሃራይ | $ | ኣብ ክክንደይ እዋን? | | | | | |

33. ኣብዚ ዓመት ኣብ ኣታዊኻ ዝተራእየ ለውጢ እንተሃለዩ እዚ ሕቶ መልስ፣ ንኣብነት ኣብዚ ዓመት ስራሕ ዝሰራሕካሉ እዋን እተወሰነ እንተኾይኑ ወይከኣ ንእተወሰነ ኣዋርሕ ዝረኸብካዮ ረብሓታት እንተሃልዩ። ኣብ ወርሓዊ ኣታዊኻ ዝረአ ለውጢ እንተዘይሃልዩ ናብቲ ዝቕጽል ስገር። ➔

| ናይዚ ዓመት ሓፈሻዊ ኣታዊኻ | ናይ ቀጻሊ ዓመት ሓፈሻዊ ኣታዊኻ (ካብ ናይ ሎሚ ክፍለ እዩ ዝብል ግምት እንተሃልዩካ) |
|---|---|
| $ | $ |

**የቐንየልና! ብዛዕባኻ ክንፈልጦ ዝደለናዮ ኩሉ ሓበሬታ ረኺብና ኣለና።**

# ቅደምሰዓብ 2: ሰብ ቁ. 2

**መተሓሳሰቢ:** እዚ ሸፋን ጥዕና ዘይደሊ ሰብ እንተድኣኾይኑ፣ ኣብዚ ገጽ ካብ ቁጽሪ 1-10 ቀሪቦም ዘለዉ ሕቶታት ጥራይ መልስ። ኣብ ስድራቤትካ ልዕሊ 2 ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት እንተሃልዮም ካብ ገጽ 4-5 ገጽ ናይ ዘሎ ጽሑፍ ቅዳሕ ክትሕዝ ኣለካ።

ንበዓልቲቤትካ/መጻምድትኻ፣ ምሳኻ ንዝነብሩ ህጻናት ከምኡድማ ገለ ኣብቲ ንናይ ፌደራል ተመላሲ ኣታዊ ግብሪ ኣመልኪትካ ዘእተኻዮ ማመልከቻ ዝሓወስካዮ ሰብ እዚ ገጽ ምልኣሎም። ንተመላሲ ግብሪ ዝምልከት ጥርዓን ዘይኣእተኻ እንተኾንካ፣ ሕጂ ውን ምሳኻ ዝነብሩ ኣባላት ስድራቤትካ ክትውስኽ ከምእትኽእል ፍለጥ። መን ክትሓውስ ከምዘለካ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ገጽ 1 ተመልከት።.

| 1. ስም | ስም ኣቦ | ስም ኣቦሓጎ | መዓርግ |
|---|---|---|---|
| | | | |

2. ምስ ሰብ ቁ. 1 ዘለካ ርክብ? መምርሒታት ረአ።

3. ሰብ ቁ. 2 በዓል ሓዳር ድዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

4. ዝተወለደሉ ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) __/__/____

5. ጾታ ◯ ተባዕታይ ◯ ኣንስታይ

6. ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት (SSN) ___ – __ – ____

★ **ንሰብ ቁ. 2 ዝኸውን ሸፋን ጥዕና ምስእትደሊ፣ ሰብ ቁ. 2 SSN እንተሃልዩዎ እዚ የድልየና እዩ።**

7. ሰብ ቁ. 2 ሰብ ቁ. 1 ኣብ ዝነብረሉ ኣድራሻ ድዩ ዝነብር? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**መልስኻ ኣይፋል እንተኾይኑ፣** ኣድራሻ ጥቐስ:-

8. **ሰብ ቁ. 2 ኣብቲ ዝቕጽል ዓመት ንናይ ፌደራል ተመላሲ ግብሪ ኣታዊ ዝምልከት ጥርዓን ናይ ምቕራብ ትልሚ ኣለዎ ድዩ?** (ሰብ ቁ. 2 ንናይ ፌደራል ተመላሲ ግብሪ ኣታዊ ዝምልከት ጥርዓን ዋላ ኣየእቱ ብዘየገድስ፣ ሸፋን ንምርካብ ከተመልከት ትኽእል ኢኻ።)

◯ **እወ። መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ብኽብረትካ ካብ a-c ዘለዉ ሕቶታት መልስ። ◯ **ኣይፋል። መልስኻ ኣይፋል እንተኾይኑ፣** ናብ ሕቶ c ስገር።

a. ሰብ ቁ. 2 ምስ በዓልቲቤቱ ብሓባር ድዩ ዝነብር? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ናይታ በዓልቲ ሓዳር ስም ጸሓፍ:

b. ሰብ ቁ. 2 ኣብ ናይ ተመላሲ ግብሪ ጥርዓኑ ዝሓውሶም ተጠወርቲ ኣለዉዎ ድዮም? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ናይ ተጠወርቲ ስም ጥቐድ:-

c. ሰብ ቁ. 2 ካልእ ሰብ ኣብ ዘእተዎ ናይ ተመላሲ ግብሪ ጥርዓን ተሓዊሱ ድዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣ ብኽብረትካ ናይቲ ጥርዓን ናይ ግብሪ ዘእተወ ሰብ ስም ጥቐስ:-

ሰብ ቁ. 2 ምስቲ ናይ ግብሪ ጥርዓን ዘእተወ ሰብ እንታይ ዓይነት ርክብ ኣለዎ?

9. ሰብ ቁ. 2 ጥንስቲ ድያ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል a. **መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ክንደይ ቆልዑ ክትወልድ ትጽቢት ይግበረላ?

10. **ሰብ 2 ሸፋን ጥዕና የድልዮ ድዩ? (ሰብ ቁ. 2 ኣቐዲምኪ ሸፋን ዝረኸበ ዋላ እንተኾነ፣** ካብኡ ዝበልጽ ሸፋን ዝረኸበሉ ወይከኣ ትሑት ወጻኢታት ዝሓትት ሸፋን ዘለዎ ፕሮግራም ክህሉ ይኽእል እዩ።)

◯ **እወ። መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ኩሎም እዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ሕቶታት መልስ። ⬇ ◯ **ኣይፋል። መልስኻ ኣይፋል እንተኾይኑ፣** ናብቶም ኣብ ገጽ 5 ዘለዉ ንኣታዊ ዝምልከቱ ሕቶታት ስገር። ካልእ ክፋል ናይዚ ገጽ ናጻ ግደፎ። ➡

11. ሰብ ቁ. 2 (ከም ምሕጻብ ሰውነት፣ ክዳን ምኽዳን፣ ዕለታዊ ስራሕቲ፣ ወዘተ) ዝኣመሰሉ ተግባራት ብግቡእ ከይፍጽም ዝዓግቶ ኣካላዊ፣ ስነኣእምሮኣዊ ወይከኣ ስምዒታዊ ጸገም ጥዕና ኣለዎ ድዩ፤ ወይድማ ኣብ ሕክምና ወይ ናይ ነርሲንግ ኣገልግሎት ኣብ ዝረኽበሉ ገዛ ዲዩ ዝነብር? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

12. ሰብ ቁ. 2 ናይ ኣሜሪካ ዜጋ ወይከኣ ናይ ኣሜሪካ ተወላዲ ድዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

13. ሰብ 2 ዜግነቱ ብሕጊ ዝተውሃቦ ድዩ ዋላስ ካብ ወለዱ ዝወረሶ? (ክልቲኡ ዓይነታት ዜግነት ካብ ኣሜሪካ ወጻኢ ንዝተወለዱ ሰባት እዩ ዝምልከት)

◯ **እወ። መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** a ን b ን ምላእ። ◯ **ኣይፋል። መልስኻ ኣይፋል እንተኾይኑ፣** ናብ ሕቶ 14 ስገር። .

a. ቁጽሪ ኤልየን

b. ቁጽሪ ሰርተፊኬት

a ን b ን ምስ መላእኻ ናብ ሕቶ 15 ስገር።

14. ሰብ ቁ. 2 ናይ ኣሜሪካ ዜካ ወይድማ ናይ ኣሜሪካ ተወላዲ እንተዘይኮይኑ፣ ሕጋዊ ናይ ስደተኛ ፍቓድ ኣለዎዶ? ◯ **እወ።** ዓይነት ሰነድን ID ቁጽሪን ኣእቱ። መምርሒ ተመልከት።

| ዓይነት ሰነድ ስደት: | ዓይነት ኩነታት (ከም ኣማረጺ): | ኣብቲ ናይ ስደተኛ ሰነድ ተጻሒፉ ዘሎ ናይ ሰብ ቁ. 2 ስም ጸሓፍ። |
|---|---|---|
| | | |

| ቁጽሪ ኤልየን ወየከኣ I-94 | ቁጽሪ ካርድ ወይከኣ ቁጽሪ ፓስፖርት |
|---|---|
| | |
| **SEVIS ID ወይከኣ ኣገልግሎት ዘብቀዓሉ ዕለት (ከም ኣማረጺ)** | **ካልእ (ናይ መደብ ኮድ ወይከኣ ዝተውሃበሉ ሃገር)** |
| | |

a. ሰብ ቁ. 2 ካብ 1996 ጀሚሩ ኣብ ኣሜሪካ ይነብር ጸኒሑ ዶ'ዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

b. ሰብ ቁ. 2፣ በዓልቲ ቤቱ፣ ወይ ወለዱ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣሜሪካ ኮይኖም ዶ ይፈልጡ ወይ ከኣ ሕጂ ኣባላት ዲዮም? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

15. ሰብ ቁ. 2 ካብተን ዝሓለፋ 3 ኣዋርሕ ጀሚሩ ዝገበሮ ናይ ሕክምና ወጻኢ መሸፈኒ ሓገዝ የድልዮ ድዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

16. ሰብ 2 እንተውሓደ ሓደ ባዕሉ ዝኣልዮ ትሕቲ 19 ዝዕድሜኡ ቆልዓ ኣለዎ ዲዩ? ቀንዲ ኣላዪ ናይዚ ቆልዓ ሰብ ቁ. 2 ድዩ? (ናይዚ ቆልዓ ኣለይቲ ሰብ 2 ወይድማ በዓልቲቤቱ እንተኾይኖም "እወ" ምረጽ።) ◯ እወ ◯ ኣይፋል

17. ምስ ሰብ ቁ. 2 ኣብ ገዝኡ ናይ ዝነብሩ ትሕቲ 19 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ስምን ምስኡ ዘለዎም ዝምድናን ንገረና:- (እዚኦም እቶም ኣብ ቀጽ 2 እተገልጹ ቆልዑት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።)

18. ሰብ ቁ. 2 ወዲ 18 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንከሎ ኣብ ትሕቲ ክትትል ትካል ሓብሓቢ ህጻናት ኣቲዩዶ ይፈልጥ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**ሰብ ቁ. 2 ዕድሜኡ 22 ወይከኣ ካብኡ ንትሕቲ እንተኾይኑ ብኽብረትካ ነዞም ሕቶታት መልስ:**

19. ሰብ ቁ. 2 ዝነበሮ ናይ ስራሕ ኢንሹራንስ ኣብተን ዝሓለፋ 3 ኣዋርሕ ስኢኑ ዲዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

a. መልስኻ **እወ** እንተኾይኑ ዝተቛረጸሉ ዕለት ኣርኢ:- __/__/____ b. እቲ ኢንሹራንስ ዝተቛረጸሉ ምኽንያት ግለጽ:-

20. ሰብ 2 ናይ ሙሉእ እዋን ተምሃራይ ድዩ? ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**ከም ኣማራጺ:-** (ኩሉ ይኸውን እዩ እትብሎ ምላእ።)

**21. ዓሌት:-** ◯ ጻዕዳ ◯ ጸሊም ወይከኣ ኣፍሪካዊ ኣሜሪካዊ ◯ ኣሜሪካዊ ህንዳዊ ወይከኣ ኣላስካዊ መበቆል ◯ ፊሊፒኖ ◯ ጃፓናዊ ◯ ኮርያዊ ◯ ኤዥያዊ ህንዳዊ ◯ ቻይናዊ ◯ ቬትናማዊ ◯ ካልእ ኤዥያዊ ◯ ሃዋያን መበቆሉ ◯ ግዋማኒያዊ ወይ ቻሞሮ ◯ ሳሞኣዊ ◯ ካልእ ፓሲፊክ ደሴታዊ ◯ ካልእ ____________

## ቅደምሰዓብ 2፡- ሰብ ቁ. 2

ሰብ ቁ. 2 ብዛዕባ ዝረኽቦ ኣታዊ ሓበሬታ ሃበና።
ሰብ ቁ. 2 ሸፋን ጥዕና ዋላ ዘይደሊ ይኹን ብዘየገድስ እዚ ገጽ ምልኣዮ።

### ሕጂ ንዝሰርሖ ስራሕን ዝረኽቦ ኣታዊን ዝምልከት ሓበሬታ

- ◯ **ቁጹር: ሰብ ቁ. 2 ሕጂ ቆጺሩ እናሰርሐ ዝርከብ እንተኾይኑ፣** ንኣታዊኡ ዝምልከት ሓበሬታ ሃበና። ብሕቶ ቁጽሪ 23 ጀምር።
- ◯ **ስራሕ ኣልቦ፡-** ናብ ሕቶ ቁጽሪ 33 ስገር።
- ◯ **ናይ ባዕሉ ስራሕ የካይድ፡-** ናብ ሕቶ ቁጽሪ 32 ስገር።

### ሕጂ ዝሰርሖ ስራሕ 1፡-

23. ስም ኣስራሒ

a. ኣድራሻ ኣስራሒ

b. ከተማ | c. ግዝኣት/ስቴት | d. ዚፕ ኮድ | 24. ቁጽሪ ተሌፎን ኣስራሒ ( ) -

25. ደመወዝ/መቑሸሽ (ቅድሚ ግብሪ) $
◯ ብሰዓት ◯ ብሰሙን ◯ በብ 2 ሰምንታት
◯ ኣብ ወርሒ ክልተ ግዜ ◯ ወርሓዊ ◯ ዓመታዊ

26. ኣብ ሕድሕድ ሰሙን ብማእከላይ ኣብ ስራሕ እተውዕሎም ሰዓታት

### ሕጂ እትሰርሖ ስራሕ 2: (ሰብ ቁ. 2 ካልኣት ተወሰኽቲ ስራሓት እንተሃሊዮሞ ፣ ካልእ ወረቐት ኣላጊብካ ተጠቐም።)

27. ስም ኣስራሒ

a. ኣድራሻ ኣስራሒ

b. ከተማ | c. ግዝኣት/ስቴት | d. ዚፕ ኮድ | 28. ቁጽሪ ተሌፎን ኣስራሒ ( ) -

29. ደመወዝ/መቑሸሽ (ቅድሚ ግብሪ) $
◯ ብሰዓት ◯ ብሰሙን ◯ በብ 2 ሰምንታት
◯ ኣብ ወርሒ ክልተ ግዜ ◯ ወርሓዊ ◯ ዓመታዊ

30. ኣብ ሕድሕድ ሰሙን ብማእከላይ ኣብ ስራሕ እተውዕሎም ሰዓታት

31. **ሰብ ቁ. 2 ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት እዞም ዝስዕቡ ነገራት ፈጺሙዶ ኔሩ።** ◯ ስራሕ ቀይሩ ◯ ስራሕ ኣቋሪጹ ◯ ውሑድ ሰዓታት ክሰርሕ ጀሚሩ ◯ ኩሎም ኣይምልከቱዎን

32. **ሰብ ቁ. 2 ናይ ባዕሉ ስራሕ እንተሃለዎ፣ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልስ፡-**

a. ዓይነት ስራሕ፡-

b. ሰብ ቁ. 2 ካብዚ ናይ ባዕሉ ስራሕ ኣብዚ ወርሒዚ ክንደይ ዝኣክል ዝተጻረየ (ስራሕ መካየዲ ወጻኢታትካ ሸፊንካ) መኽሰብ ይረክብ? መምርሒታት ተመልከት። $

33. **ሰብ 2 ኣብዚ ወርሒ ዝረኽቦ ካልእ ኣታዊ:** ኩሉ ትኽክል ዝኾነ ሓበሬታ ማለት ዝረኽቦ መጠንን ኣብ ክንደይ ግዜ ከምዝረኽቦን ምላእ። ዝረኽቦ ነገር እንተዘይብሉ ድማ ኣብዚ ምላእ። ◯
**መተሓሳሰቢ፡-** ሰብ ቁ. 2 ካብ ሓገዝ ህጻናት፣ ጥሮታ ከምኡድማ ኣታዊ ተወሳኺ ውሑስነት (SSI) ዝረኽቦም ኣታዊታት ክትነግረና ኣይንደልን።

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ◯ ሽቕለተ ኣልቦነት | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? | ◯ ዝተቐበልክዮ ኣሊመኒ | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? |
| ◯ ጥሮታ | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? | ◯ ዝተጻረየ ሕርሻ/ምህርቲ ዓሳ | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? |
| ◯ ማሕበራዊ ውሕስነት | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? | ◯ ዝተጻረየ ክራይ/ሮያልቲ | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? |
| ◯ ትሕጋግ | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? | ◯ ካልእ ኣታዊ ዓይነት: | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? |

34. ንክይካይ: ትኽክል ዝኾነ ሓበሬታ ማለት ሰብ 2 ዝረኽቦ መጠንን ኣብ ክንደይ ግዜ ከምዝረኽቦን ምላእ። ሰብ 2 ካብ ተመላሲ ግብሪ ኣታዊ ፌደራል ክንከ ዝኽእል ገለ ዘውጻኦ ወጻኢ እንተሃሊዩሞ ንዓና እንተነጊርካና ናይ ሸፋን ጥዕና ወጻኢ ቁሩብ ክንኪ ይገብር።
**መተሓሳሰቢ:** ሰብ ቁ. 2 ንሓገዝ ህጻን ዝኸፍሎ ወጻኢ፣ ወይከኣ እተጻረየ ናይ ባዕሉ ስራሕ ኣብ ትሕቲ ዝብል ሕቶ (ሕቶ 32b) ዝመለስካዮ ወጻኢ ኣብዚ ከተእትዎ የብልካን።

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ◯ እተኸፍለ ኣሊመኒ | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? | ◯ ካልእ ንክይካይ ዓይነት: | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? |
| ◯ ወለድ ልቓሕ ተምሃራይ | $ | ኣብ ክንደይ እዋን? | | | |

35. ሰብ ቁ. 2 ኣብዚ ዓመት ዝረኽቦ ኣታዊ ለውጢ ዘርኢ እንተኾይኑ ዝተርእየ ለውጢ እንተሃለዩ ነዚ ሕቶ መልስ፣ ንኣብነት ኣብዚ ዓመት ስራሕ ዝሰርሓሉ እዋን እተወሰነ እንተኾይኑ ወይከኣ ንእተወሰነ ኣዋርሕ ዝረኽቦ ገለ ረብሓታት እንተሃለዩ። ኣብ ናይ ሰብ ቁ. 2 ወርሓዊ ኣታዊ እትጽበዮ ለውጢ እንተዘይሃለዩ ናብቲ ዝቕጽል ስገር። ➡

| ሰብ ቁ. 2 ኣብዚ ዓመት ዝረኽቦ ሓፈሻዊ ኣታዊ | ሰብ ቁ. 2 ኣብቲ ዝቕጽል ዓመት ዝረኽቦ ሓፈሻዊ ኣታዊ |
|---|---|
| $ | $ |

**ቐንየልና! ብዛዕባ ሰብ ቁ. 2 ክንፈልጦ ዝደለናዮ ኩሉ ሓበሬታ ረኺብና ኣለና።**

**ንምመልከቻኻ ዝምልከት ሓገዝ ክትረክብ ትደሊ ዲኻ?** ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ HealthCare.gov፣ተወከስ ወይከኣ ብቑጽሪ ተሌፎን 1-800-318-2596 ደውለልና። ካብ ቋንቋ እንግሊዝ ወጻኢ ብካልእ ቋንቋ ሓገዝ ክትረክብ እንተደሊኻ ብቑጽሪ ተሌፎን 1-800-318-2596 ደዊልካ ነቲ ወኪል ኣገልግሎት ዓማዊል ንገሮም። እትደልዮ ሓገዝ ብናጻ ክንህበካ ኢና። ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም (TTY) ተጠቀምቲ ድማ በዚ ቁጽሪ ተሌፎን ክድውሉ ኣለዎም 1-855-889-4325።

## ቅደምሰዓብ 3:- ኣሜሪካዊ ህንዳዊ ወይ ተወላዶ ኣላስካ (AI/AN) ዝኾነ/ኑ ኣባል/ላት ስድራቤት

1. **ባዕልኻ ወይ ገለ ካብ ኣባላት ስድራኻ ኣሜሪካዊ ህንዳዊ ወይ ተወላዲ ኣላስካ ዝኾነ ኣሎ ድዩ?**

◯ ኣይፋል። መልስኻ ኣይፋል እንተኾይኑ፣ ናብ ቅደምሰዓብ 4 ቀጽል።  ◯ እወ። መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣ ናብ ቅድመስዓብ 4 ቀጽል፣ብተወሳኺ ተወሳኺ መብርሂ B መሊእኻ ኣብቲ ማመልከቻ ኣእትዎ።

## ቅደምሰዓብ 4:- ሽፋን ጥዕና ስድራቤትካ

1. **ኣታዊ ሞቕሽሽ ግብሪ ንዝረኽብኩሙሉ ውልቃዊ ዓመት፣ ናይ ስድራቤትኩም መፍለጥ ግብሪን ዝተጠቐምኩሉ ዝኾነ ሱ ዶ?**

◯ **እወ፣ ኣታዊታት ሞቕሽሽ ግብሪ ተደቓቒሰን እየን። ትሕቲ 'ዚ ተዘርዚረን ዘለዋ ኩለን ዝምልከታኹም እንተኾይኑ ጥራይ ነቲ ክቢ ትመልኡዎ:-**

- ወጻኢ ሽፋን Marketplace ምእንታን ክንድለልኩም ኣብ ሓደ ዕመት ወይ ብልዕሊኡ ብadvance payments of premium tax credits/ ሞቕሽሻት ግብሪ ኣቐዲምካ ምኽፋል (APTC) ተጠቒምኩም።
- ናት ስድራቤትኩም ቀራቢ ግብሪ ፋይል ነዜን ዓመታት በብውልቀን ናይ ፌደራል ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ምልከታ ፋይል ጌሩ 'ሎ።
- እቲ ቀረጽ መላኢ(መላእቲ) ናይ IRS ቅጥዒ ኣረኪቡ ኣሎ 8962 (healthcare.gov/help/reconciling-your-tax-credit/) ምስቲ ናይ ቀረጽ ተመላሲ።

2. **በዚ መመልከቲ ንMedicaid ወይ ንChildren's Health Insurance Program/መደብ መድህን ጥዕና ቆልዑ (CHIP) ኣብውሽጢ ዝሓለፉ 90 መዓልቲ ውስጥ ብቑዕ ዘይኮነ ሰብ ተረኺቡ ዶ?** (ሓደ ሰብ ነዚ ሽፋን፣ ብMarketplace ከይኮነስ፣ በስቴታትኩም ብቑእ ኮይኑ እንተተይረኺቡ ጥራይ ንእወ ምረጹ።) ............ ◯ እወ ◯ ኣይፋል

መን? ________________

**ወይ ከኣ፣ በዚ መመልከቲ ዝርኣይ ዝኾነ ውልቀሰብ ካብ ጥቅምቲ 1፣ 2013 ጀሚሮም ብትሕዝቶ ስደተኛ ምኽንያት ንMedicaid ወይ ከኣ ንCHIP ብቑዓት ዘለዎ ኮይኖም ኣይተረኽቡን?** ............ ◯ እወ ◯ ኣይፋል

መን? ________________

**ኣብዚ መመልከቲ ኣብ እዋን እቲ ናይ ዕዳጋበታ ክፉት ክፍግዜ ምዝገባ ሽፋን ንምርካብ ዝሓተተ ሰብ ኣሎዶ?** ............ ◯ እወ ◯ ኣይፋል

መን? ________________

3. **ገል ካብቶም ኣብዚ ማመልከቻ ዝተዘርዘሩ ሰባት ኣብ ስርሑ ሽፋን ጥዕና ዝተውሃቦ ኣሎ ዲዩ?** ዋላ ካብ ናይ ካልእ ከም ወላዲ ወይ በዓልቲቤትካ እተረኸበ ሽፋን እንተሃልዩ ዋላ እቲ ሽፋን ኣይቀበልዎ ብዘየገድስ ኣረጋግጽ።

◯ **እወ።** ቀጽል እቲ ተወሳኺ መብርሂ A ምላእ። እዚ መንግስታዊ ትልሚ ረብሓ ሰራሕተኛ ድዩ? ............ ◯ እወ ◯ ኣይፋል

◯ **ኣይፋል።**

4. **ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሽፋን ጥዕና ዝሳተፍ ገለ ሰብ ኣሎዶ?**

◯ **እወ።** መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣ ናብ ሕቶ ቁጽሪ 6 ስገር።  ◯ **ኣይፋል።** መልስኻ ኖኖ እንተኾይኑ፣ ናብ ቅደምሰዓብ 5 ስገር።

5. **ንናይ ሕጂ ሽፋን ጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ።** (ልዕሊ 2 ሕጂ ሽፋን ጥዕና ዘለዎም ሰባት እንተሃለዮም ቅዳሕ ናይዚ ገጽ ሓዝ።)
እቲ ዓይነት ሽፋን ጸሓፍ፣ እንሹራንስ ሰራሕተኛ፣ COBRA, ሜዲክኤድ፣ CHIP፣ ሜዲኬር፣ TRICARE፣ VA ፕሮግራም ክንክን ጥዕና፣ ልኡኽ ሰላም፣ ወይ ካልእ።
(ናይ ቀጥታ ክንክን ወይ መስመር ግቡእ ተጠቃሚ እንተኾንካ ብዛዕባ TRICARE ኣይትንገረና።)

**ሰብ 1:**

ኣብ ሽፋን ጥዕና ናይ ዝሳተፍ ሰብ ስም ________________

**ዓይነት ሽፋን:-**

◯ ናይ ሰራሕተኛ ኢንሹራንስ ◯ COBRA ◯ Medicaid ◯ CHIP ◯ Medicare ◯ TRICARE ◯ VA ፕሮግራም ክንክን ጥዕና ◯ Peace Corps ◯ ካልእ

**ናይ ሰራሕተኛ ኢንሹራንስ እንተኾይኑ:** (ተወሳኺ መብርሂ A እውን ክትመልእ ኣለካ።)

| ስም ኩባንያ ኣቕራቢ ኢንሹራንስ ጥዕና | ፖሊሲ/ID ቁጽሪ |
|---|---|
| | |

**ካልእ ዓይነት ሽፋን እንተኾይኑ ድማ:** ◯ እዚ ናይ ዕዳጋበታ ሽፋን ጥዕና እንተኾይኑ ምላእ።

| ስም ኩባንያ ኣቕራቢ ኢንሹራንስ ጥዕና | ፖሊሲ/ID ቁጽሪ |
|---|---|
| | |

እዚ ልክዕ ከም ናይ ቤትምህርቲ ሓደጋ ፖሊሲ ትልሚ ውሱን ረብሓ ድዩ? ............ ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**ሰብ 2:**

ኣብ ሽፋን ጥዕና ናይ ዝሳተፍ ሰብ ስም ________________

**ዓይነት ሽፋን:-**

◯ ናይ ሰራሕተኛ ኢንሹራንስ ◯ COBRA ◯ Medicaid ◯ CHIP ◯ Medicare ◯ TRICARE ◯ VA ፕሮግራም ክንክን ጥዕና ◯ Peace Corps ◯ ካልእ

**ናይ ሰራሕተኛ ኢንሹራንስ እንተኾይኑ:** (ተወሳኺ መብርሂ A እውን ክትመልእ ኣለካ።)

| ስም ኩባንያ ኣቕራቢ ኢንሹራንስ ጥዕና | ፖሊሲ/ID ቁጽሪ |
|---|---|
| | |

**ካልእ ዓይነት ሽፋን እንተኾይኑ ድማ:** ◯ እዚ ናይ ዕዳጋበታ ሽፋን ጥዕና እንተኾይኑ ምላእ።

| ስም ኩባንያ ኣቕራቢ ኢንሹራንስ ጥዕና | ፖሊሲ/ID ቁጽሪ |
|---|---|
| | |

እዚ ልክዕ ከም ናይ ቤትምህርቲ ሓደጋ ፖሊሲ ትልሚ ውሱን ረብሓ ድዩ? ............ ◯ እወ ◯ ኣይፋል

## ቅደምሰዓብ: - ስምምዕኻን ፈርማኻን

1. **እቲ ናይ ዕዳጋ ቦታ ናይ ኣታዊ ዴታን ናይ ተመላሲ ግብሪ ሓበሬታን ሓበሬታ ንዝቕጽል 5 ዓመታት ክጥቀም ፈቒድካሉ ዶ?** ........ ◯ እወ ◯ ኣይፋል

ኣብቶም ዝቕጽሉ ዓመታት ንእትረኽቦ ሽፋን ኣብ እትኸፍሎ ገንዘብ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካዶ የብልካን ብቐሊሉ ምፍላጥ መታን ክከኣል፣ እቲ ናይ ዕዳጋ ቦታ በብግዜኡ ዝህልወካ ከም ንተመላሲ ግብሪ ዝምልከት ሓበሬታ ዝኣመሰለ ሓድሽ ናይ ኣታዊ ዳታ ክረክብ ክትፈቕደሉ ኣለካ። እቲ ናይ ዕዳጋ ቦታ ገለ ክትገብሮም ዘለካ ለውጥታት ዝምልከት ምልክታ ሰዲዱ ክፍልጠካ እዩ። እቲ ናይ ዕዳጋ ቦታ ሕጂ ውን ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለካ ንምርግጋጽ፣ ኣታዊኻ እዚ ሓገዝ ክትረክብ ዘኽእለካ ምዃኑ ከተረጋግጽ ክሓተካ ይኽእል እዩ። ኣብዝደለኻዮ እዋን ካብዚ መስርሕ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ።

**መልስኻ ኖኖ እንተኾይኑ፣** ሓበሬታይ ብቕጽበት ኣብቶም ዝቕጽሉ ዓመታት ኣሕድሶ፡-

◯ 4 ዓመታት ◯ 2 ዓመታት ◯ ንሽፋን ጥዕና ናይ ዝኽፈል ክፍሊት ሓገዝ ክረክብ ዘለኒ መሰል ንምሕዳስ ኢልካ ንግብረይ ዝምልከት ዳታ ክትጥቀም ኣይፈቕደልካን (እዚ ውሳነ ምውሳድ መሰልካ ኣብ እተሕድሰሉ እዋን ንሽፋን ጥዕና ናይ ዝኽፈል ክፍሊት ሓገዝ ካብ ምርካብ ክዓግተካ ይኽእል እዩ።)

◯ 3 ዓመታት ◯ 1 ዓመታት

2. **ኢንሹራንስ ጥዕና ንምርካብ ኣብዚ ማመልከቻ ካብ ዝተመዝገቡ ሰባት ገለ ኣብ ቤት ማእሰርቲ (ዝተኣሰረ ወይ ኣብ ጥሕቲ ቀይዲ ሕጊ ዘሎ) ዘሎ ሰብ ኣሎ ዲዩ?** ......... ◯ እወ ◯ ኣይፋል

መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣ ስም ናይቲ እሱር ንገረና። ስማ ናይቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሎ ሰብ:

◯ እዚ ሰብ ብዝተኸሰሰሉ ክሲ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ እተውሃቦ እንተኾይኑ ኣብዚ ምላእ።

### ኣብዚ ማልከቻ ካብ ዝተመዝገቡ ሰባት ገለ ሜዲክኤይድ ናይ ምርካብ መሰል ዘለዎ ሰብ እንተሃልዩ፡-

- ካብ ካልእ ኢንሹራንስ ጥዕና፣ ብሕጊ ዝረኣዩ ጉዳያትን፣ ካልእ ሳልሳይ ኣካልን ገንዘብ ናይ ምሕታትን ምርካብን መሰለይ ነዚ ናይ ሜዲክኤይድ ትካል ኣሕሊፈ ሂበዮ ኣለኹ። ካብ ባዓልቲቤተይ ወይ ወለደይ ሕክምናዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰለይ እውን ነዚ ናይ ሜዲክኤይድ ትካል ኣሕሊፈ ሂበዮ ኣለኹ።
- ኣብዚ ማመልከቻ ካብ ዝተመዝገቡ ህጻናት ገለ ካብ ገዛ ወጻኢ ዝነብሩ ወለዲ ዘለዉዎ ህጻን ኣሎ ዲዩ? ........ ◯ እወ ◯ ኣይፋል
- መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣ ምስቲ ኣብ ቀረባ ካብዘይርከቡ ወለዲ ሕክምናዊ ሓገዝ ዝእክብ ትካል ክተሓባበር ከምዘለኒ እፈልጥ። ሕክምናዊ ሓገዝ ንምእካብ ብምትሕብባረይ ኣብ ልዕለይ ወይ ኣብ ልዕሊ ደቀይ ገለ ጉድኣት ኪጋጥም ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳብ እንተሓዲሩኒ ምትሕብባረይ ከቋርጽ ከምዝኽእል ነቲ ሜዲክኤይድ ክፍልጦ እየ።
- ንዝሃብኩዎ ሓበሬታ ሙሉእ ሓላፍነት ከም ዝወሰድ ብፊርማይ የረጋግጽ፣ ኣነ ክሳብ ዝፈልጦ ኣብዚ ቅጥዒ ንዝቐረቡ ኩሎም ሕቶታት ዝሃብኩዎ መልሲ ሓቃዊ እዩ። ደይመደይ ኢለ ዝሃብኩዎ ሓሶት ወይ ዘይሓቃዊ ሓበሬታ እንተሃልዩ ብሕጊ ፌደራል ዘቕጽዐኒ ምዃኑ እፈልጥ።
- ገለ ሓድሽ ነገር እንተተፈጢሩ ወይድማ ኣብቲ ዘእተኽዎ ማመልከቻ ካብ ዝጸሃፍኩዎም ነገራት (ገለ ዝተቐየረ ነገር) እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲታት ነቲ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ቦታ ዕዳጋ ክፍልጦ ከምዘለኒ እፈልጥ። ብዛዕባ ገለ ዘጋጠሙ ለውጥታት ሓበሬታ ንምሃብ መርበብ ሓበሬታ [HealthCare.gov](HealthCare.gov) ክውከስ ወይከኣ ብቑጽሪ ተሌፎን **1-800-318-2596** ክድውል ከምዝኽእል እግንዘብ። ኣብ ልዕሊ እቲ ዘቐረብክዎ ሓበሬታ ዝግበር ገለ ለውጢ መሰለይን መሰል ኣባላት ስድራቤተይን ብኣሉታ ክጸሉ ከም ዝኽእል ይርዳኣኒ፡፡
- ዘርኢ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ሃገራዊ መበቆል፣ ጾታ፣ ዕድመ፣ ጾታዊ ባህሪ፣ ጾታዊ መንነት፣ ስንክልና መሰረት ዝገበረ ኣድልዎ ብሕጊ ፌደራል ከምዘቕጽዕ እፈልጥ። ገለ ኣድልዎ ኣብ ልዕለይ ምስዝፍጸም ኣብ መርበብ ሓበሬታ [www.hhs.gov/ocr/office/file](www.hhs.gov/ocr/office/file) ከይደ ጥርዓነይ ከቕርብ ይኽእል እየ።
- ኣብዚ ቅጥዒ ዝመላእኹዎ ሓበሬታ መሰል ሽፋን ጥዕና ንምርግጋጽ፣ ሓገዝ ክፍሊት ንሽፋን (ጠለብ እንተሎ) ንምውሳን፣ ከምኡድማ ንሕጋዊ ዕላማታት ቦታ ዕዳጋን ሓገዝ ክፍሊት ሽፋን ንዝገብሩ ፕሮግራማትን ጥራይ ከምዝውዕል እፈልጥ።

እዚ ሓበሬታ ሓገዝ ክፍሊት ሽፋን ጥዕና ክትረክብ ይግበኣካ ድዩ ኣይግበኣካን ንምርግጋጽ የድልየና። መልስታትካ ኣብ ኢሌክትሮኒካዊ ማዕከን ዳታናን ኣብ ናይ ኣገልግሎት ውሽጣዊ ኣታዊ (IRS)፣ ማሕበራዊ ውሕስነት፣ ክፍሊ ሃገራዊ ውሕስነትን ትካል ጸብጻብ ተጠቀምቲ ማዕከን ዳታ ዘሎ ሓበሬታ ተደሪኽና ከነረጋግጾም እቲ ሓበሬታ ዘጠራጥር ነገር እንተሃልይዎ መረጋገጺ ክትሰደልና ክንሓተካ ንኽእል ኢና።

### ሽፋን ክትረክብ ብቑዕ ኣይኮንካን እንተተባሂለ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

እቲ ዝተውሃበካ ውጽኢት ከዕግበካ እንተዘይክኢሉ ጥርዓን ከተእቱ ትኽእል ኢኻ። ንሕድሕድ ኣብ ማመልከቻኻ ሽፋን ንምርካብ ዝመዝገብካዮ ኣባል ስድራኻ ዝምልከት ጥርዓን ከመይ ከተእቱ ከምዘለካን ጥርዓን ንምእታው ክንደይ መዓልቲ ከምዘለካን ዝምልከት መምርሒ ኣብቲ ናይ ግቡእነት ምልክታ ኣንብብ። ጥርዓን ኣብ እተእትወሉ እዋን ኣብ ግምት ከተእትዎ ዘለካ ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣብዚ እንሆ፡-

- የድልየካ እንተኾይኑ ካልእ ሰብ ጥርዓን ከቕርበልካ ወይከኣ ኣብ ጥርዓንካ ክሳተፍ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። እዚ ሰብ ዓርክኻ፣ ዘመድካ፣ ናይ ሕጊ በዓል ሞያ ወይ ካልእ ውልቀሰብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ይግባይካ ባዕልኻ ክተካይድ ትኽእል ኢኻ።
- ይግባይ እንተኣእቲኻ ይግባይካ ተራእዩ ውሳነ ክሳብ ዝወሃበካ ሽፋን ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለካ ትቕጽር።
- ናይቲ ይግባይ ውጽኢት ኣብ ልዕሊ ናይ ካልኦት ኣባላት ስድራኻ ሽፋን ናይ ምርካብ መሰል ዘምጽኦ ለውጢ ክህሉ ይኽእል እዩ።

ንናይ ዕዳጋቦታ መሰል ዝምልከት ይግባይ ንምእታው መርበብ ሓበሬታ [HealthCare.gov/marketplace-appeals/](HealthCare.gov/marketplace-appeals/) ተወከስ። ወይድማ ብቑጽሪ ተሌፎን **1-800-318-2596** ኣቢልካ ናብ ማእከል ተሌፎን ቦታ ዕዳጋ ደውል። ናይ TTY ተጠቀምቲ ድማ ብቑጽሪ ተሌፎን **1-855-889-4325** ይድውሉ። ይግባይካ ናብ **Health Insurance Marketplace**፣ Dept. of Health and Human Services, 465 Industrial Blvd., London, KY 40750-000 ብፖስታ ክትሰድድ ትኽእል ኢኻ። በዚ መልክዕ ሽፋን ክትረክብ እንተዘይክኢልካ፣ ብመንገዲ ዕዳጋ፣ ናይ ተሳትፎ ክፍለግዜታት፣ ናይ ግብሪ ልቓሕ፣ ምጉዳል ምምቕራሕ ወጻኢ፣ ሜዲክኤይድ፣ ከምኡድማ CHIP ኣቢልካ ሽፋን ጥዕና ናይ ምዕዳግ መሰል ንምርካብ ይግባይ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ። ናይ ግብሪ ልቓሕ ወይከኣ ምጉዳል ምምርቓሕ ወጻኢ ክትረክብ ብቑዕ ኢኻ እንተተባሂልካ፣ እቲ ይግበኣካ ኢዩ ኢልና ዝወሰንናልካ መጠን ንምርካብ ይግነባይ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሕጊ ክፍለ ግዝኣትካ ተደሪኽካ፣ ብዕዳጋቦታ ኣቢልካ ወይከኣ በናይቲ ክፍለግዝኣት ትካል ሜዲክኤይድ ወይ CHIP ኣቢልካ ይግባይካ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ።

**ሰብ ቁ. 1 እዚ ኣብዚ ማመልከቻ ክፍርም ኣለዎ።** ሕጋዊ ወኪሉ እንተኾንካ ሰብ ቁ. 1 ኣብ ተወሳኺ መብርሂ C እንተድኣፈሪሙ ኣብዚ ድማ ንስኻ ክትፍርመሉ ትኽእል ኢኻ።

| ፊርማ | እተፈረመሉ ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) |
| --- | --- |
| → | / / |

እዚ ማመልከቻ ካብ ዕለታት ክፉት ምዝገባ (ካብ ሕዳር 15 ክሳብ ለካቲት 15) ወጻኢ ትፍርሞ እንተሃሊኻ ተወሳኺ መብርሂ D ("ንለውጥታት ናብራ ዝምልከቱ ሕቶታት") ምርኣይካ ኣረጋግጽ።

## ቅደምሰዓብ 6:- ብኢሜይል ዝምላእ ማመልከቻ

ዝተፈረመ ማመልከቻኻ ብፖስታ ስደድ፡-

**Health Insurance Marketplace**
**Dept. of Health and Human Services**
**465 Industrial Blvd.**
**London, KY 40750-0001**

ኣብ ምርጫ ንምስታፍ ክትምዝገብ እንተደሊኻ፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ [www.eac.gov](www.eac.gov) ዘሎ ናይ መራጺ መመዝገቢ ቅጥዒ ምላእ።

# ካብ ኢንግሊሽ ወጻኢ ብዝኾነ ካልእ ቋንቋ ደገፍ ምርካብ

ንስኻ፣ ወይድማ ካልእ ደገፍ እትገብረሉ ዘለኻ ሰብ፣ ብዛዕባ እቲ ናይ ጥዕና መድሕን ዕዳጋቦታ ሕቶታት እንተሃልዮምኻ፣ ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነ ደገፍን ሓበሬታን ብቛንቋኻ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። ምስ ኣስተርጓሚ ንምዝርራብ፣ በዚ**1-800-318-2596** ደውል።

ዝርዝር ናይቶም ኣገልግሎት ዝወሃበሎም ቋንቋታትን በቶም ቋንቋታት ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ተመሳሰልቲ መልእኽቲታትን ኣብዚ ቀሪቦምልካ ኣለዉ:

## Español (Spanish)

Usted tiene el derecho a recibir ayuda e información en su idioma sin costo alguno. Para comunicarse con un intérprete en español relacionado con el Mercado de seguros médicos, llame al 1-800-318-2596.

## 中文 (Chinese)

你有權利免費用您的語言獲得幫助和資訊。要用中文與傳譯員探討健康保險市場，請致電 1-800-318-2596。

## tiếng Việt (Vietnamese)

Quý vị có quyền nhận sự giúp đỡ và thông tin bằng ngôn ngữ của mình miễn phí. Để nói chuyện với một thông dịch viên bằng tiếng Việt về Thị Trường Bảo Hiểm Sức Khỏe, xin gọi số 1-800-318-2596.

## 한국어 (Korean)

귀하는 귀하의 언어로 도움과 정보를 무료로 받을 수 있는 권리가 있습니다. 한국어로 건강 보험 시장(Health Insurance Marketplace)에 대하여 통역사에게 이야기하려면, 1-800-318-2596 번으로 전화하십시오.

## العربية (Arabic)

لك الحق في الحصول على المساعدة والمعلومات في اللغة الخاصة بك مجانا. وللتحدث مع مترجم في اللغة العربية حول سوق التأمين الصحي، يرجى الاتصال على 1-800-318-2596.

## Kreyòl (French Creole)

Ou gen tout dwa pou resevwa èd ak enfòmasyon nan lang ou pou gratis. Pou pale avèk yon entèpretè an Kreyòl konsènan Mache Asirans Medikal (Health Insurance Marketplace), rele 1-800-318-2596.

## Tagalog (Tagalog)

Mayroon kang karapatan makakuha ng tulong at impormasyon sa iyong wika na walang gastos. Upang makipag-usap sa isang tagapagsalin sa Tagalog tungkol sa Health Insurance Marketplace, tumawag sa 1-800-318-2596.

## Polski (Polish)

Każdy ma prawo uzyskać bezpłatnie pomoc i informacje we własnym języku. Aby porozmawiać z tłumaczem po polsku na temat Rynku Ubezpieczeń Zdrowotnych (Health, Insurance Marketplace), należy zadzwonić pod numer 1-800-318-2596.

## ካብ ኢንግሊሽ ወጻኢ ብዝኾነ ካልእ ቋንቋ ደገፍ ምርካብ (ዝቐጸለ)

### Русский (Russian)

Вы имеете право бесплатно получить помощь и информацию на родном языке. Чтобы поговорить с переводчиком на русском о платформе Health Insurance Marketplace (рынок медицинского страхования), позвоните по телефону 1-800-318-2596.

### Français (French)

Vous avez le droit d'obtenir de l'aide et des renseignements dans votre langue sans aucun coût. Pour consulter un interprète en français quant au Marché d'assurance santé, composez le 1-800-318-2596.

### Deutsch (German)

Sie haben das Recht, Hilfe und Informationen kostenlos in Ihrer eigenen Sprache in Anspruch zu nehmen. Um mit einem Dolmetscher für die deutsche Sprache über den „Health Insurance Marketplace" zu sprechen, rufen Sie bitte diese Nummer an: 1-800-318-2596.

### ગુજરાતી (Gujarati)

તમને વિના મૂલ્યે તમારી ભાષામાં મદદ અને માહિતી મેળવવાનો અધિકાર છે. આરોગ્ય વીમા વ્યાપારબજાર વિશે દુભાષિયા સાથે ગુજરાતીમાં વાતચીત કરવા, કૉલ કરો 1-800-318-2596

### Português (Portuguese)

Você tem o direito de obter ajuda e informação em seu idioma e sem nenhum custo adicional. Para falar com um intérprete de [Português] sobre o Mercado de Seguros de Saúde, ligue para 1-800-318-2596.

### Italiano (Italian)

Se voi, o una persona che state aiutando volete chiarimenti mercato delle assicurazioni mediche (Health Insurance Marketplace), avete il diritto di ottenere assistenza e informazioni nella vostra lingua a titolo gratuito. Per parlare con un interprete potete chiamare il numero 1-800-318-2596

### 日本語 (Japanese)

ご自身か、もしくはサポートされている誰かがHealth Insurance Marketplaceに問い合わせたい場合は、日本語サポートと情報提供を無料で得る資格を有しています。1-800-318-2596までご連絡いただき、通訳とお話しください。

ነዚ ኣይትምላእ። እዚ መመልከቲ ኣይኮነን።

# ተወሳኺ መብርሂ A

Form Approved
OMB No. 0938-1191

## ናይ ስራሕ ሽፋን ጥዕና

እዞም ሕቶታት ካብ ኣባላት ስድራቤትካ ሓደ ዋላ እቲ ሽፋን ኣይቀበሎ ብዘየገድስ ናይ ስራሕ ሽፋን ጥዕና እንተሃልይዎ ጥራይ ኢኻ ነዞም ሕቶታት ክትምልሶም ዘለካ። ንሃድሕድ ሽፋን ጥዕና ዘለዎ ስራሕ ቅዳሕ ናይዚ ገጽ ኣላግብ።

**ሽፋን ብዛዕባ ዘለዎ ስራሕ ገለ ሓበሬታ ሃበና።**
እዞም ሕቶታት ኣብ ምምላስ መታን ክሕግዘካ ቅዳሕ ናይዚ ገጽ ወሲድካ ነቲ ሽፋን ዘቕርበልካ ኣስራሒኻ ሃቦ።

### ናይ ሰራሕተኛ ሓበሬታ

1. ስም ሰራሕተኛ (ስም፣ ስም ኣቦ፣ ስም ኣቦሓጎ)

2. ቁጽሪ ማሕበራዊ ውሕስነት ሰራሕተኛ (SSN)
☐☐☐-☐☐-☐☐☐☐

### ናይ ኣስራሒ ሓበሬታ

3. ናይ ኣስራሓይ/ኩባንያ ስም

4. ቁጽሪ መለለይ መንነት ኣስራሒ (EIN)
☐☐-☐☐☐☐☐☐☐

5. ናይ ኣስራሒ ቁጽሪ ተሌፎን
(☐☐☐)☐☐☐-☐☐☐☐

**ሕጂ፣ ናይቲ ናይ ሰራሕተኛ ረብሓታት ዘመሓድር ሰብ ወይድማ ዲፓርትመንት ሓበሬታ ኣእቱ። ተወሳኺ ሓበሬታ ከድልየና እንከሎ ነዚ ሰብ ክንረኽቦ ንኽእል:**

6. ብዛዕባ ናይ ሰራሕተኛ ሽፋን ጥዕና ክንረኽቦ እንኽእል ሰብ ወይ ዲፓርትመንት

7. ናይ ኣስራሓይ ኣድራሻ (እቲ ናይ ዕዳጋቦታ ናብዚ ኣድራሻ ምልክታታት ክልእኽ ይኽእል እዩ)

8. ከተማ

9. ግዝኣት
☐☐

10. ዚፕ ኮድ
☐☐☐☐☐

11. ቁጽሪ ተሌፎን (ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዝፍለ እንተኾይኑ
(☐☐☐)☐☐☐-☐☐☐☐

12. ናይ ኢሜይል ኣድራሻ

**13. እዚ ሰራሕተኛ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ናይዚ ኣስራሒ ሽፋን ጥዕና ተጠቃሚ ኮይኑ ድዩ፣ ዋላስ ኣብተን ዝቕጽላ 3 ኣዋርሕ እዮ ተጠቃሚ ክኾን?**

◯ **እወ** (ቀጽል)

**a. እቲ ሰራሕተኛ ብኽንያት ናይ መጸበዪ ወይድማ ናይ ፈተነ ግዜ ወይድማ ብኻልእ ምኽንያት ሎሚ ብቑዕ ክኸውን እንተዘይከኢሉ፣ እቲ ሰራሕተኛ መዓስ ሽፋን ንምርካብ ብቑዕ ክኸውን ይኽእል?** (ወርሒ/ዕለት/ዓመት)
☐☐/☐☐/☐☐☐☐

**b. እቲ ኣስራሓይ ናይዚ ሰራሕተኛ በዓልቲቤት ወይ ተጠዋሪ (ተጠወርቲ) ዝሸፍን ናይ ጥዕና መደብ የቕርብዶ?**

◯ **እወ። መልስኻ እወ እንተኾይኑ፣** ኣየኖት ሰባት? ◯ በዓልቲቤቱ ◯ ተጠዋሪ(ተጠወርቲ) ◯ **ኖኖ** (ናብ ሕቶ ቁጽሪ 14 ስገር።)

**ካብዚ ስራሕ ሽፋን ክረኽቡ ብቑዓት ናይ ዝኾኑ ኣባላት ስድራቤት ናይቲ ሰራሕተኛ ኣስማት ዘርዝር።**

ስም

ስም

ስም

◯ **ኖኖ** (**ኣስራሓይ:** ግደፎሞ እዚ ቅጥዒ ናብቲ ሰራሕተኛ ምለሶ።
**ሰራሕተኛ:** ናብቲ ናይ ዕዳጋቦታ ሽፋን መመልከቲኻ ተመለስ።)

ናብቲ ዝቕጽል ገጽ ስገር

ነዚ ኣይትምላእ። እዚ መመልከቲ ኣይኮነን።

## ብዛዕባ እቲ በዚ ኣስራሒ ዝቐረበ ትሑት ወጻኢ ዝሓትት ትልሚ ጥዕና ንገረና።

14. እቲ ኣስራሒ ዘቕርቦ ትልሚ ጥዕና ንመለከዒ ትሑት ደረጃ ዋጋ የማልእ ድዩ*?

○ **እወ** (ናብ ሕቶ 15 ኪዱ)  ○ **ኣይፋል** (ኣብዚ ደው ኣቢልኩም ነዚ ቅጥዒ ናብ ሰራሕተኛ ምለስዎ)

15. እቲ ሰራሕተኛ **ነቲ ሰራሕተኛ ዝኾነ ኣባል ስድራ ጥራይ** ሽፋን ዝህብን እቲ ዝተሓተ ደረጃ ክብሪ/ዋጋ ዘለዎን ዝቐረበሉ ናይ ጥዕና መድሕን ክንደይ ይኸፍል? ንስድራ ዝሓቁፍ/ስድራቤታዊ ናይ መድሕን ሽፋን ኣይተካትት። **ሓበሬታ፦** እቲ ኣስራሒ ናይ ጥዕና ፕሮግራማት ዘቕርብ እንተኾይኑ፣ እቲ ሰራሕተኛ ንዝኾነ ይኹን ሽጋራ ምትካኽ ናይ ምቁራጽ ፕሮግራማት እቲ ዝለዓለ ምጉዳል ዋጋ እንተረኺቡ ከምኡ'ድማ ኣብ ካልኦት ናይ ጥዕና ፕሮግራማት ዝኾነ ይኹን ምጉዳል ዋጋ እንተዘይተጌሩሉን፣ እቲ ሰራሕተኛ ዝኸፍሎ ወርሓዊ ክፍሊት የእቱ/ጽሓፍ።

a. ሰራሕተኛ ነዚ ዝስዕብ ወርሓዊ ክፍሊት ይኸፍል፦ $ ______

**ሓበሬታ፦** እቲ ሰራሕተኛ ንናይ ጥዕና ሽፋን ክኸፍሎ ዝኽእል ናይ መጨረስታ ዝተሓተ መጠን የእቱ።

b. ሰራሕተኛ ነዚ ዝስዕብ መጠን ይኸፍል፦ ○ ሰሙናዊ ○ ኣብ ነፍሲወከፍ 2 ሰሙን ○ ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ ○ ሓደ ግዜ ኣብ ወርሒ ○ በብርብዒ ዓመት ○ ዓመታዊ

(ናብቲ ዝቕጽል ሕቶ ስገር።)

16. **እቲ ኣስራሒ ኣብዚ ሓድሽ ናይ ሽፋን ዓመት እንታይ ዓይነት ለውጥታት ክገብር'ዩ?**

○ ኣስራሒ ካብዚ ዝስዕብ ዕለት ጀሚሩ ናይ ጥዕና ሽፋን ኣይክህብ'ዩ፦ (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት)

__ __ / __ __ / __ __ __ __

○ ናይቲ ዝተሓተ ክፍሊት ዘለዎን እቲ ናይ መጨረስታ ዝተሓተ ደረጃ ክብሪ* ዘማልእን ናይ መድሕን ሽፋን ወርሓዊ ክፍሊት ክልወጥ'ዩ ከምኡ'ውን ነቲ ሰራሕተኛ ዝኾነ ኣባል ስድራ ጥራይ'ዩ ዝወሃብ። (እቲ ናይ ወርሓዊ ክፍሊት ምጉዳል ዋጋ ዝገብር ንናይ ፕሮግራማት ምቁራጽ ሽጋራ ምትካኽ ጥራይ'ዩ። ሕቶ ቁ 15 ተመልከት)

a. ሰራሕተኛ ነዚ ዝስዕብ ወርሓዊ ክፍሊት ይፍጽም፦ $ ______

b. ኣብ ክክንደይ ግዜ? ○ ሰሙናዊ ○ ኣብ ነፍሲወከፍ 2 ሰሙን ○ ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ ○ ሓደ ግዜ ኣብ ወርሒ ○ በብርብዒ ዓመት ○ ዓመታዊ

c. ለውጢ ዝተገብረሉ ዕለት: (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት)

__ __ / __ __ / __ __ __ __

○ እቲ ኣስራሒ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ለውጢ ክገብር ድዩ ኣይገብርን'ዩ ዝፈልጦ የብለይን።

○ ኣስራሒ ካብቶም ዝተጠቕሱ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ኣይገብርን'ዩ።

* ሓደ ናይ መድሕን ሽፋን ነቲ ዝተሓተ ደረጃ ክብሪ የማልእ'ዩ ክበሃል እንተኾይኑ፣ ንመብዛሕትኡ ህዝቢ ብውሑዱ 60% ጠቕላላ ድምር ናይ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ወጻኢታት ምስዝሽፍንን ግምት ዝወሃቦ ናይ ሆስፒታልን ናይ ሓካይም ኣግልግሎት ወጻኢታትን ሽፋን ዝህብ ምስዝኸውንን 'ዩ። መብዛሕትኦም ብስራሕ ዝወሃቡ ናይ መድሕን ሽፋናት ነቲ ዝተሓተ ደረጃ ክብሪ የማልኡ'ዮም።

ነዚ ኣይትምላእ፡፡ እዚ መመልከቲ ኣይኮነን፡፡

# ተወሳኺ መብርሂ C

Form Approved
OMB No. 0938-1191

## እዚ ማመልከቻ ኣብ ምምላእ ዘድሊ ሓገዝ

### ሕጋዊ ፍቓድ ንዘለዎም ናይ ማመልከቻ መማኸርቲ፣ ዳህሰስቲ፣ ወኪላትን ደለልቲን ጥራይ

ናይ ካልእ ሰብ ማመልከቻ እትመልእ ዘለኻ ናይ ማመልከቻ መማኸሪ፣ ዳህሳሲ፣ ወኪል ወይ ደላሊ እንተኾንካ እዚ ክፍሊ ምላእ።

1. ማመልከቻ ዝተጀመረሉ ዕለት (ወርሒ/ዕለት/ዓመት)
( ) -

2. ስም፣ ስም ኣቦ፣ ስም ኣሓጎን መዓርግን

3. ስም ትካል

4. ID ቁጽሪ (እንተሃልዩ)

5. ወኪላት/ሰለልቲ ጥራይ: ቁጽሪ NPN

### ሕጋዊ ወኪል ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ንእትኣምኖ ሰብ ብዛዕባ እዚ ማመልከቻ ምሳና ክዛረብ፣ሓበሬታኻ ክሪኤልካ፣ ነዚ ማመልከቻ ዝምለከቱ ጉዳያትካ ንዓኻ ወኪሉ ክካይደልካ፣ ንማመልከቻኻ ዝምልከት ሓበሬታ ክረክብን ኣብ ክንዳኻ ክፍርምን ፍቓድ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ። እዚ ሰብ “ሕጋዊ ተወካሊ።” ይበሃል። እቲ ውክልና ዝሃብካዮ ሰብ ውክልናኡ ክተልዕሉ እንተደሊኻ ምስቲ ናይ ዕዳጋ ቦታ ተራኸብ። ኣብዚ ማመልከቻ ናይ ካልእ ሰብ ሕጋዊ ውክልና እንተተዋሂቡካ፣ ምስቲ ማመልከቻ ኣታሓሒዝካ መርትዖ ኣቕርብ።

1. ስም ሕጋዊ ወኪል (ስም፣ ስም ኣቦ፣ ስም ኣቦሓጎ)

2. ኣድራሻ

3. ቁጽሪ ኣፓርታማ ወይድማ ቦታ ስራሕ

4. ከተማ

5. ግዝኣት

6. ዚፕ ኮድ

7. ቁጽሪ ተሌፎን
( ) -

8. ስም ትካል

9. ID ቁጽሪ (እንተሎ)

እዚ ሰብ ማመልከቻኻ ክፍርመልካ፣ ብዛዕባ እዚ ማመልከቻ ሓበሬታ ክረክብን ኣብ ቀጻሊ ዘጋጥሙ ነዚ ማመልከቻ ዝምልከቱ ጉዳያት ኣብ ክንዳኻ ክካይደልካ ሙሉእ ሓላፊነት ክምዝሃብካዮ ብፊርማኻ ኣረጋጊጽካ ኣለኻ።

**10. ናይ ሰብ ቁ. 1 ፊርማ**

→

**11. ዝተፈረመሉ ዕለት** (ወርሒ/ዕለት/ዓመት)
/ /

ነዚ ኣይትምላእ፡፡ እዚ መመልከቲ ኣይኮነን፡፡

# ተወሳኺ መብርሂ D

Form Approved
OMB No. 0938-1191

## ለውጥታት ናብራ ዝምልከቱ ሕቶታት

**(እቲ ዝተረፈ ክፋል ናይዚ ገጽ ምስዚ ገጽ ብሓባር ምልኣዮ። ነዚ ገጽ ንባዕሉ ኣይተረክብ።)**

ኣብዚ ማመልከቻ ካብ ዝተመዝገቡ ሰባት ኣብተን ዝሓለፉ 60 መዓልትታት ኣብ መነባብራኡ ገለ ለውጢ ዘጋጠሞ ሰብ እንተሃልዩ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ስራሕ። እተወሰኑ ናይ መነባብሮ ለውጥታት ሽፋንካ ብናይ ዕዳጋ ቦታ ኣቢሉ ሽዑ ንሽዑ ክትረክብ ይፈቕደልካ። ድሕሪ እቲ ዓመታዊ ክፉት ናይ ምዝገባ ክፍለግዜ ምውድኡን ቅድሚ እቲ ቀጻሊ ክፉት ናይ ምዝገባ ክፍለግዜ ምጅማሩን ተመልከት እንተሃሊኻ እዞም ሕቶታት ክትምልስ ንመኽረካ።

እዞም ሕቶታት እንተሰሊኻ እትምልሶም እንተደሊኻ ድማ እትገድፎም ከም መማረጺ ዝቐረቡ እዮም። ኣብ መነባብሮኻ ዘጋጠመካ ገለ ለውጢ እንተዘይሃልዩ እቶም ሕቶታት ከይመለስካ ክትገድፎም ትኽእል ኢኻ። ኣ ሂወትካ ዘጋጠመካ ለውጢ ዋላ ኣይሃሉ ብዘየገድስ፣ ኣብ ሜዲክኤይድን ፕሮግራም ኢንሹራንስ ጥዕና ህጻናትን (CHIP) ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ። ኣባላት ናይቶም ብፌደራል ኣፍልጦ ዝተዋህቦም ቀቢላታትን ናይ ኣላስካ ተወለድቲ ወነንቲ ብርክን በቲ ቦታዕዳጋ ኣቢሎም ኣብዝደለይዎ እዋን ኣብቲ ሽፋን ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።

### ኣብ ስድራቤትካ ብዛዕባ ዝተፈጥረ ለውጢ ንገረና።

**1. ኣብዘን ዝሓለፈ 60 መዓልታት ብቑዕ ናይ ጥዕና ሽፋን ዝተቛረጾ፣ ወይድማ ኣብዘን ዝስዕባ 60 መዓልታት ብቑዕ ናይ ጥዕና ሽፋን ክቋረጾ ትጽቢት ዝገብር ዝኾነ ሰብ ኣሎ ድዩ?**

ስም

☐ ምኽንያት ምቁራጽ ሽፋን ፕሪሚየም ዘይምኽፋል እንተኾይኑ ኣረጋግጽ።

ሽፋን ዝተቛረጸሉ ወይከኣ ዝቋረጸሉ ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) ___/___/_____

**2. ኣብዘን ዝሓለፋ 60 መዓልታት ዝተመርዓወ ሰብ ኣሎድዩ ?**

ስም

ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) ___/___/_____

**3. ኣብዘን ዝሓለፋ 60 መዓልታት ካብ ቀይዲ (መዳጎኒ ወይ ቤትማእሰርቲ) ዝተፈትሐ ሰብ ኣሎ ድዩ?**

ስም

ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) ___/___/_____

**4. ኣብዘን ዝሓለፋ 60 መዓልታት ብቑዕ ዘግብሮ ናይ ስደት ኩነት ዝረኸበ ሰብ ኣሎ ድዩ?**

ስም

ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) ___/___/_____

**5. ኣብዘን ዝሓለፋ 60 መዓልታት ብዘይወለዱ ክእለ ዝተገብረ፣ ናብ ፍቓደኛታት ስድራ ከም ውላዶም ክዓቢ ዝተዋህበ፣ ወይ'ውን ብናበይቲ ስድራ ክዓቢ ዝተገብረ ሰብ ኣሎ ድዩ?**

ስም

ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) ___/___/_____

**6. ኣብዘን ዝሓለፋ 60 መዓልታት ብሰንኪ መዕበዪ ቆልዓ ወይ'ውን ብትእዛዝ ቤትፍርዲ ተጸባዪ ዝኾነ ሰብ ኣሎ ድዩ?**

ስም

ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) ___/___/_____

**7. ኣብዘን ዝሓለፋ 60 መዓልታት ቀንዲ መንበሪኡ ዝቐየረ ሰብ ኣሎ ድዩ?**

ስም

ዝተንቀሳቐሰሉ ዕለት (ወርሒ/መዓልቲ/ዓመት) ___/___/_____

ናይ ሕሉፍ ኣድራሻኻ ዚፕኮድ ክንደይ'ዩ _____

◯ ካብ ወጻኢ ሃገር ወይ ግዝኣታት ኣሜሪካ ዝመጻኻ እንተኾንካ ኣብዚ ምላእ

**a. ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ናይዘን ዝሓለፋ 60 መዓልታት ካብዞም ሰባት ብቑዕ ናይ ጥዕና ሽፋን ዝነበሮም ኣለዉ ድዮም?** ◯ እወ ◯ ኣይፋል

**መልሲ እወ እንተኾይኑ፣ ስሙ (ኣስማቶም) ኣብታሕቲ የእቱ:-**

ስም

**ንምመልከቻኻ ዝምልከት ሓገዝ ክትረክብ ትደሊ ዲኻ?** ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ HealthCare.gov፣ተወከስ ወይከአ ብቁጽሪ ተሌፎን **1-800-318-2596** ደውለልና። P ካብ ቋንቋ እንግሊዝ ወጻኢ ብካልእ ቋንቋ ሓገዝ ክትረክብ እንተደሊኻ ብቑጽሪ ተሌፎን **1-800-318-2596** ደዊልካ ነቲ ወኪል ኣገልግሎት ዓማዊል ንገሮም። እትደልዮ ሓገዝ ብናጻ ክንህበካ ኢና። ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም (TTY) ተጠቀምቲ ድማ በዚ ቁጽሪ ተሌፎን ክድውሉ ኣለዎም **1-855-889-4325**።